# ዓርቢ ስቅለት 2018 ዓ.ም.

## ሚያዝያ 2 2018 ዓ.ም. (4/10/2026)

**ስብሓት ለመስቀለ ክርስቶስ ዕፀ መድኃኒት ኃይልነ ወጸወንነ.**

ንባባት፡ ኢሳያስ 52፡13-52:12፥ ዕብ 4፡14-16፥ 5፡7-9፥ ማር 14፡43-50።



ዓርቢ ስቅለት ዘኪርና አሎና። ፍቕሪ አምላኽ ብስቕለት ሓደ ወዱ ዝተገልጸላ ፍልይቲ ዕለት እያ። ክርስቶስ ነቲ ብነብያት ዝተነግረ ነቲ ባዕሉ ንሰለስተ ዓመት ዘስተምሃሮን አብ ግብሪ ድሕሪ ምንጋሩን ምግባሩን ዘምጽአ ጉዳይ ድሕነትና አብ ዕለተ ዓርቢ ክትርድኦ ከቢድ ክትገልጾ ጽንኩር ብግብሪ ከርእዮ ተረኺቡ፥ ነዚ ዝተዓዘቡ ሰቓልቱ ለካስ ብሓቂ ወዲ አምላኽ ነሩ እዩ ክሳብ ዝብሉ ገሪምዎም። መለኮቱ አብቲ ከቢድ ሞት አብ መስቀል ነቶም ክርእዩን ክአምኑን ዝደልዩ ተገሊጽሎም፥ እቶም ብቐትሩ ዝጸልመቶም ግን ዝተዓወቱ መሲልዎም ሞቱ ግን ትንሣኤ አምጺኡ።

ዕለተ ዓርብ እቶም ሕሙማቶም ዘሕወየሎም እቶም እንጌራ ብምብዛሕ ዝመገምቦም፥ እቶም ቃል አምላኽ ዘስምዖም፥ እቶም ብሓቂ ዓቢ ነብይ አተንሲኡልና ዝብሉ ዝነበሩ ብሓባር ስቐሎ ስቐሎ እናበሉ ናይ ሞት ፍርዲ ክእውጁ ዝተሰምዑላ ዕለት እያ፥ እዚ ኸአ አብ አምላኽ ክንአምን ከሎና ንግዳማዊ ነገር ምስ ጠዓመና ጥራሕ ዘይኮነ አብ ጊዜ ጽንኩር እዋን ከይተረፈ ክንጸንዕ ከምዘሎና የዘኻኽረን። ባዕሉ ከምዝበለና ክኸተለኒ ዝደሊ ዕለት ዕለት መስቀሉ ጸሩ ይስዓበኒ ኢሉና አሎ።

ዕለተ ዓርብ በቶም ናተይ ዝብሎም ብቐረባ ዝስዕብዎ ዝነበሩ ሓዋርያት ብዘይ ዮሓንስ ኩሎም ሓዲገሞ ዝሃደሙላ፥ ጴጥሮስ ብዙሕ ጊዜ አብ ክንዲ ኩሎም ኮይኑ ኩሎም እንተ ከሓዱኻ አነ ጨሪሸ አይክሕደካን እየ ኢሉ ዝነበረ ግን ሰለስተ ሳዕ አይፈልጦን እናበለ ዓው ኢሉ ዝኸሓደላ፥ ካልኦት ሓዲጎሞ ዝሃደሙሉ ንበይኑ በቶም ጨካናት ወተሃደራት ሮማውያንን መራሕቲ ሃይማኖት ንሞት ዝተፈርደላ ዕለት እያ። ንሕና እውን ንኢየሱስ ክሳዕ ፈተና ጸገም ክሳብ ዘይረኸበና እሙናት ተኸተልቱ ኢና እንተ ኾነ ፈተና ጸገም ምስ ወረደና ንሃድም ንጠልም ንኽሕድ ኢና ስለዚ ከም ጴጥሮስ ክንምለስ ክንሳሕ ከምዘሎና ክንርኢ ይግባእ።

ብ1899 አብ ቦስቶን ክፍሊ ሕቡራት አመሪካ አብ ሕርሻ ቃንጫ ሽኮር ዝሰርሑ ዝነበሩ ጸለምቲ ባራዩ ነቲ ክርስቶስ ዝተቐበሎ ስቓይ ብዕለተ ዓርብ ምስቲ ናቶም ሕይወት እናአስተንተኑ Were you there when they crucify my Lord O sometimes it cause me, tremble, tremble were you there when they nailed him to a tree, Were you there when they pierced him in the side? Were you there when the sun refused to shine? were you there when they laid him on a tomb, where you there when he rose from the dead………… ንጎይታይ ክሰቕልዎ እንከለዎ፥ ክሸንክርዎ እንከለዉ፥ ፀሓይ ክትጽልምት እንከላ፥ አብ መቓብር ከውርድዎ እንከለዉ አብኡዶ ነርካ/ኪ እናበሉ ይዝምሩ ነሮም።

ሎሚ አብ ምሉእ አመርካ እዚ መንፈሳዊ መዝሙር ንብዙሓት አብ ሕይወቶም ዝትንክፎም ኮይኑ ብኹሎም አብ ስቕለት ክርስቶስ ዝአምኑ ይዝመር ናይ ብሓቂ ከአ ዕምቕ ትርጉም ስቕለት ዝሓዘ እዩ። ዕለተ ዓርብ ንነፍስወከፍና ፍሉይ መልእኽቲ ሒዛ እያ እትቐርበና ዘላ ክርስቶስ

ምእንታይ ተሰዊዑ ኢልና ሕይወትና ክንቅይር ክነፍቅሮ። ንሱ ፍቕሩ ኣብ መስቀል ኣርእዩኒ ኣነ ኸኣ ከርእዮ ይግብኣኒ ኢልና ንስሓ ኃጢኣትና ኣቲና ደቂ ኣምላኽ ክንከውን።

ኣብ ቀራንዮ ቦታ፡ ንስሓ፥ ቦታ ፍቕሪ፥ ቦታ ሕድገት፥ ቦታ ተሓድሶ ምስ ኢየሱስ ክንውዕል እሞ ክንቅየር ክንሕደስ እዩ ዝድለ ዘሎ። ቤት ትምህርቲ ቀራንዮ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ እዩ ንፉዓት ተመሃሮ ኮና ናይ መምህርና ሞት ክንቅበል ሕራይ እንብለላ ስለ ዝኾነት ኩልና ብሓደ ጉዕዞ ብሓደ ሓሳብን መንፈስን ንጉዓዝ።

ኣብ ዓለም ብዂሉ ዝተፈልጣ ሰለስተ ሃማኖታውያን ምልክታት ኣለዋ ፍርቂ ወርሒ ኣብ ምስልምና፥ ሽድሽተ ከዋኽብቲ ኣብ ጫፍ ተባዕቲ ዝኾና ናይ ዳዊት ኣብ ኣይሁድ፥ ንክርስትና ኸኣ መስቀል። ኣብ ምሉእ ዓለም መስቀል ናይ ኩለን ኣብያት ክርስትና ምልክት እዩ።

ኣብ ምሉእ ዓለም ኩልና ውዕዉዕ እምነት ይሃልወና ኣይሃልወን ዂልና መስቀል ኣብ ክሳድና ንእስር። ኣብ ሓደ ዝተገብረ መጽናዕቲ መምህራን ንተመሃሮ ብብዝሒ ነየና ከምዝመርጹ ክፈልጢ ኢሎም ዝተፈላለየ ኣሳእል ኢየሱስ ዘለዎ ካብኡ ክመርጹ ሂቦሞም፥ ኣብ መጨረሻ ዝተራእየ ዳርጋ ኩሎም ናይ ኢየሱስ ስቕለት ዘለዎ ስእሊ መሪጾም ይብሃል። መስቀል ፍቱው እዩ።

ኣብ ሃገርና ኣብ ኩሉ ምልክት መስቀል ንገብር። ኣብ ጸሎታትና ካህን ደጋጊሙ ብምልክት መስቀል ይባርኽ፥ ኣብ ገዛውትና ምልክት መስቀል ኣሎና ንገብር። ኣብያተ ክርስትያናትና መስቀል ኣለዎ። ኣብ ሓፍ ዝበለ ኣብ ዝርአ ኣብ ኩሉ ምልክት መስቀል ንገብር። ኣብ ክዳና ብዙሕ ጊዜ ኣደታት ኣብ ግንባረን ምልክት መስቀል ይገብራ። ባህልና ብምልኡ ምስ መስቀል ዝተተሓሓዘ እዩ። እዚ ኹሉ ፍቕሪ መስቀል ንምግላጽን ኣብ ሕይወትና ወላ ሓንቲ ደቒቕ ካብ መስቀል ከይንፍለ ኢልና እንገብሮ እዩ።

መስቀል ኣብ ቀዳሞት ሮማውያን ዝኸበደን ዝበርትዐ ጭካኔ ደቂ ሰብ ዝርኣየሉ ዝነበረ እዩ እሞ ድኣ ከመይ ኢሉ እዩ ፍሉይ ምልክት ድሕነት ኮይኑ። ጳውሎስ ሓዋርያ ከም ዘምህረና ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድ ዕንቅፋት፥ ንሕዛብ ከኣ ዕሽነት ዝኾነ ዝተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና (1ቆሮ 1፥ 23) እናበለ ርድኢት መስቀል ኣበይ ከም ዝምስረት ይነግረና። መስቀል ዘይሃስስ ከም ማግነት ዝስሕብ ኃይሊ ኣለዎ ምኽንያቱ ክሳብ ክንደይ ኣምላኽ ከም ዘፍቅረና ስለ ዝገልጽ። ካብዚ ዝዓቢ ፍቕሪ የለን ይብለና ኢየሱስ እውን፥ ሰብ ካብቲ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ ንሕይወቱ በጃ ኣኅሊፉ ዚህቦ ዝዓቢ ፍቕሪ የለን (ዮሓ 15፥13) ይብል።

ኣብ ቀራንዮ ዝዕዘቡ ዝነበሩ መስቀል ከም ምልክት ስዕረት ገሮም ይርእይዎ ነሮም። ብሓቂ ክንርእዮ እንከሎና ግን መስቀል ምልክት ስዕረት ዘይኮነ ምልክት ዓወት እዩ። እቲ ነቶም ደው ኢሎም ዝዕዘቡ ዝነበሩ ምልክት ድኽመትን ስዕረትን ኮይኑ ዝርአዮም ዝነበረ ምንጪ ሓይሊ እዩ ነሩ። ምልክት ውርደትን ሕፍረትን ናይ ክብሪ ቦታ ኮይኑ።

ትርጉምን ዕብየትን መስቀል ክንርዳእ እሞ ቦታ መስቀል ቦታ ዓወት ክንፈልጥ፥ ሓይልን ክብርን ክንርኢ ኩኖቲ ጥርሑ ዝጸንሐ መስቀል ርኢና ክንክእል ኣሎና። መስቀል ንበይኑ፥ ዓርቢ ስቕለት ብዘይ ትንሳኤ፥ ዝህበና ዘይብርሁን ጽልግልግ ዝበለ እምነት እዩ። ጥርሑ ዝጸንሐ መቓብር ብዘይ መስቀል ብኻልእ ኣዘራርባ ሓንቲ ትርጉም የብሉን ግዳማዊ ተስፋን ጥርሑ ዝኾነ ስምዒት እዩ። ኣቡነ ፉልተን ሺን ከምዝበልዎ ሕጊ ክርስቶስ ንጹር እዩ፥ ሕይወት ቃልሲ እዩ፥ ኣብ ሕይወትና መስቀል እንተ ዘየለ፥ ጥርሑ ዝኾነ መቓብር ኣይክህሉን እዩ፥ ዓርቢ ስቕለት እንተ ዘየለ ሰንበት ትንሣኤ ኣይ ክህሉን እዩ ይብሉ።

ኣብ ኢየሱስ ብዘይ መስቀል ትንሣኤ ከምዘየሎ ኣብ ዕለተ ዓርቢ ኣርእዩና፥ ኣብ ሕይወትና እውን ከምኡ እዩ መስቀል ዘይብሉ ሕይወት ፍረ ትንሣኤ ከስተማቕር ኣይክእልን እዩ። ካብ ክርስትና መስቀል እሞ ንውሰዶ ሽዑ ካብኡ ነቲ ቀንዲ ነገር ክነልግስ ኢና። ሎሚ ካብ ቀደም ብዝያዳ ሃይማኖት ዋጋ ዝህልዎ ክቡር ዋጋ እንተለዎ ጥራሕ እዩ። ሰባት ሎሚ ከም ቶማስ ኣብ ሰንበት

ትንሣኤ ዝበሎ ዝተሸንከረ ኢዱን እግሩን ከምኡ ኣብቲ ዝተወግአ ጎኑ ኢደይ ኣብኡ እንተ ዘይአእቶኹ ኣይአምንን እየ (ዮሓ 20፡25) ይብሉ። ክአምን ክርኢ ኣሎኒ ብሃልቲ እዮም ሽዑ ኢየሱስ ኣመንቲ እምበር ተጠራጠርቲ ኣይትኹኑ ይብሎምድ።

ኣብ መስቀል ዝተራእየ ፍቕሪ ኣብ መስቀል ዝተራእየ ስቓይ ኣብ ሓደ ዝዓለመ እዩ ንአይን ንአኻትኩምን ኣብ ኣምላኽ ቀሪብና እሙናት ደቂ ኣምላኽ ክንከውን እዩ። ሎሚ ኣብ ትሕቲ መስቀል ደው ኢልና ክንምሃሮ ዘሎና ነገራት ኣሎ፡

- **ፍቕሪ ክነዘውትር፡** ኣምላኽ ነቲ ሓደ ወዱ ምእንታና ክሳብ ኣብ መስቀል ከም ዝበጽሕ ገበሮ እዚ ኹሉ ስለ ዝፍቀረና እዩ። ሕይወትካ ምእንቲ ካልኦት ኢልካ ካብ ምሕላፍ ዝዓቢ ፍቕሪ የሎን፥ እዚ ኣብ መስቀል ርኢናዮ፥ እምብአር ሎሚ ከምቲ ኣምላኽ ዘፍቀረና ኣብ ነነድሕድና ፍቕሪ ክነዘውትር ንሕተት ኣሎና።
- **ክንምሕር ክንሓድግ ንሕተት ኣሎና።** ክርስቶስ ኣብ መስቀል ነቶም ዝሰቐልዎ ምሒሩ ምእንትኦም ንሰማያዊ ኣብኡ ጸልይሎም። ንሕና እውን ነቶም ዝበደሉና ክንምሕሮም ምእንትኦም ክንጽሊ ኣሎና። ጸላእትኹም ኣፍቅሩ ዝብል ትእዛዝ ሎሚ ኣብ ግብሪ ክነውዕሎ ሕልናና ንርአ እሞ ኣብ ጉዕዞ ፍቕርን ሕድገትን ንጉዓዝ።
- **ኣብ ነነድሕድና ክንተሓጋገዝ ይግባእ።** ንማርያም ኣዲኡ እንሆ ወድኺ ንዮሓንስ እንሃ ኣደኻ ክብሎም እንከሎ ኣብ ነነድሕዶም ክተሓጋገዙ ኣብ ጽቡቕን ሕማቕን ጊዜን ኣደን ውሉድን ክካወኑ ነጊርዎም። ንአና እውን ሎሚ ድሕነት ሓውናን ሓፍትናን ኩነታቶም ክግድሰና ግድን እዩ። ሓወይ ሓፍተይ በየናይ መገዲ ይጉዓዝ ኣሎ ኢልና ክንሓትት ይግብአና ሽዑ ኣብ ድሕነቶም ክንወፍር ኢና።
- **መስቀል ጸርካ ምኽኣል።** ነፍስወከፍና እንጾሮ መስቀል ኣሎና። ባዕልና ዝፈጠርናዮን ብኻልእ ክመጽእ ዝኽእልን መስቀል ነቲ ዝጓነፈና ፈተናን መስቀልን ኣብ ድሕነት ክንቅይሮ እዩ ዝድለ ዘሎ እምበር መስቀል ከቢዱና ኢልና ክንቅይር ኣይ ኮነን ድላይ ኣምላኽ። መስቀለይ ጸረ ክኽእል ሓግዘኒ ክንብል ይግብአና።
- **ንሞት ንኃጢአት ክንስዕር እዋኑ እዩ።** ክርስቶስ ብሞትን ብዝኾነ ነገር ኣይተሳዕረን እኳ ድአ ንሞት ኣሸኒፉ ተዓዊቱ። ኣርድእቱ ስለ ዝኾና ንኹሉ ኃጢአትን ፈተናን ኣሸኒፍና ክንክእል ሎሚ ኣብ መስቀል ንጠምት። ከምቲ እስራኤላውያን ኣብቲ ናይ ኣስራዚ ስቕለት ተመን ምስርአዩ ዝሓውዩ ዝነበሩ ሎሚ ክንሓዊ ክንቅደስ ኣብ መስቀል ንጠምት።

ኢየሱስ ሎሚ ኣብ ጎቦ ቀራንዮ ኮይኑ ኣብኡ ክንቀርብ ሓዲስ ሕይወት ክንለብስ ምስኡ ክንመውት ይሓተና ኣሎ። ሓዲስ ሕይወት ክንረክብ ምስኡ ክንመውት እንተ ኽአልና ጥራሕ እዩ። ብርግጽ ጉዕዞ ቀራንዮ እናተዛነኻ ዝኽየድ ኣይኮነን ደም እናጠዓመካ እዩ። ከምቲ ክርስቶስ ጉዕዞ ሕይወቱ ብዓወት ብግርማ ዝዛዘሞ ሎሚ ኣነ ተተሓሒዘዮ ዘሎኹ ጉዕዞ ሕይወተይ ከመይ ዝበለ እዩ ኢልና ንርአ እሞ ሽዑ ነቲ ጸልማት ኮይኑ ዝርአየና ኩንኡ ብርሃን ክንርኢ ኢና እቲ ከቢድ ዓቐብ ኮይኑና ዘሎ ኣብ ጎልጎል ክልወጠልና እዩ።

ኢየሱስ ዘይቅይሮ ነገር የለን ሓንትስ ፍቓደኛታት ኮና ንቀበሎ እምበር። ኣብ ኣፍደገ ልብና ኮይኑ ኣብ ሕይወትና ክአቱ ይኰሕኵሕ ኣሎ ንኽፍቶ ምስኡ ንኹን ሽዑ ጣዕሚ ፍቕሪ ወላዲ ለቢስና ንጉዕዞ ቀራንዮ ሕይወትና ብዓወት ክንዛዝሞ ኢና። ኣብ መስቀል ምእንታና ዝሞትካ ክርስቶስ ካብ ኃጢአት መትና ምስኻ ክንመውት እሞ ምሳኽ ክንትንሥእ ሓግዘና ንኹሉ ክፍኣትና ኃጢአትና ሓንቲ ከየትረፍና ደፊርና ክንሳሕ ሓግዘና ንበሎ።

ቅዱስ ስቕለት ርእስና ገርና ኣብ ብርሃን ትንሣኤ ከምእንሳተፍ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ